1177 VÅRDGUIDEN | REGION KRONOBERG

22 ሕዳር 2017

# እገዳ ምኽንሻብ ደቀኣንስትዮ (FGM) ኣብ ስዊድን

ኣብ ስዊድን ዘለዉ ኩሎም ቆልዑ፡ ኣንጻር ዓመጽን መጥቃዕትን ጸግዒ ክረኽቡ መሰል ኣለዎም።  እዚ ድማ ንኸም ምእላይን ምስፋይን ጉድበን ውሸጣውን ደጋውን ከንፈር ርሕምን፡ ሱና፡ ግዝረት፡ ምብሳዕ፡ ምንዳድ፡ ምስፋይ ዝኣመሰለ ኩሉ ዓይነታት ምኽንሻብ ደቀኣንስትዮ የጠቓልል። ኣብ ብልዕቲ ዝግበር ኩሉ ዓይነት ዘይ-ሕክምናዊ መጥባሕቲ እተኸልከለ እዩ።

**ኩሎም ቆልዑ፡ ብዝተኻእለ መጠን እቲ ዝበለጸ ዓይነት ጥዕና ክህልዎም መሰል ኣለዎም።** ክንሸባ (ምእላይ ክፍሊ-ኣካል፡ ምብሳዕ፡ ምቅጻል፡ ምስፋይ) ኣብ ጓልኩም ኣብ ዝካየደሉ እዋን፡ ከቢድ መድመይትን ቃንዛን ንኺጋጥማ ተኽእሎ ኣሎ፣ ብደም ዚመጽእ ረኽሲ ንዝኣመሰለ ሓደጋ ረኽሲ ድማ ኽትቃላዕ ትኽእል እያ።  ምኽንሻብ ደቀኣንስትዮ፡ ነታ ቖልዓ ዜሰንብድ ኮይኑ፡ ጓልኩም ድማ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸገማት ናይ ምምዕባል ተኽእሎ ክህልዋ እዩ። ንሱ ጥራይ ኣይኮነን፣ ጓልኩም ምስእትኽንሸብ፡ ንምሉእ ዕድሚኣ ዚጸንሕ ጸገማት ጥዕና ክህልዋ እዩ። እቲ ኣዝዩ ግኑን ጸገም ድማ ሽንቲ ማይ ብቐሊሉ ኽትሸይን ኣይትኽእልን፣ ንኽትሸይን ነዊሕ ግዜ ትወስድ፡ ኣቐንዛዊ ድማ ይኸውን። እናዓበየት ኣብ እትኸደሉን ጽግያት ክመጻ ኣብ ዝጅምረሉ እዋንን፡ እቲ ዘይወጽእ ደም፡ ዓቢ ቓንዛ ክፈጥረላ ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ቃንዛ ርእሲ፡ ቃንዛ ከብዲ፡ ቃንዞ ሕቖን ምቕይያር ኩነተ-ኣእምሮን ከስዕብ ይኽእል እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እተን ዝተኸንሸባ ሓያሎ ደቀኣንስትዮ፡ ጾታዊ ጸገማት የማዕብላን ናተን ውሉድ ኣብ ምውላድ ድማ ጸገማት ይህልወን።

.

ኣብ ስዊድን፡ *ንኽንሸባ ደቀኣንስትዮ ዚኽልክል ሓዋጅ (1982:316)፡* ማለት ፍሉይ ሕጊ ኣሎ፣ እዚ ድማ ንኩሉ ዓይነት ኽንሸባ ደቀኣንስትዮ ዚኽልክል እዩ። ክንሸባ ደቀኣንስትዮ ምክያድ፡ - ኣብ ገለ እዋናት - ድማ ንኺካየድ ምትብባዕ ዘይሕጋዊ እዩ።መጉዚት፡ ኣንጻር ኽንሸባ ደቀኣንስትዮ ንዜጠቓልል ኣብ ልዕሊ ቆልዓ ንኸይፍጸም ናይ ምክልኻል ሓላፍነት ከምዘለዎም፡ ሕጊ ስዊድን ብንጹር ይሕብር። መጉዚት ቆልዑ፡ ንዓሎም ኣንጻር ክንሸባ ንኽከላኸሉላ እኩል ጻዕሪ ምስዘይገብሩ፡ - እቲ ኽንሸባ፡ ብኻልእ ሰብ እተገብረ ከምኡውን ካብ ስዊድን ወጻኢ ኣብ ዝኾነ ቦታ እተካየደ እኳ እተኾነ - ኣብ ቤት ፍርዲ ስዊድን ክኽሰሱ ይከኣል እዩ።

ኣብ ስዊድን እትቕመጥ ውላድኩም፡ ከምእትኽንሸብ ምስዝግበር፡ እቲ ክንሸባ እተፈጸመሉ ሃገርን ዘካየዶ ሰብን ብዘየገድስ፡ እቲ መጉዚት፡ ናይ ማእሰርቲ ፍርዲ ክውሃቦ እዩ።

| Martin Myrskog | Ingrid Burman | Klas Friberg | Carl-Gunnar Fridolfsson |
| --- | --- | --- | --- |
| Regional Director | Governor | Regional Police Chief | Chief Prosecutor |
| **Region Kronoberg** | **County Administrative Board** | **Police Authority** | **Swedish Prosecution Authority** |
| REGION KRONOBERG | LÄNSSTYRELSEN KRONOBERGS LÄN | Polisen | ÅKLAGARMYNDIGHETEN |

Språk : Tigrinja